# መልእኽቲ ኤርትራዊ ዓለም-ለኻዊ ምትእስሳር (EGS) ንሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፤

Monday, 02 August 2010 12:55

ክቡራት ደቂ ሃገር፣

ነዚ ዕድል እዚ ተጠቒምና ነቲ ብእኩብ ይኹን ብተናጸል ኣብ ሃገርና ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ርትዓዊ ዝኾነ ፍታሕ ከተውሕሱ ከይተሓለልኩም ብጽንዓትን ብተወፋይነትን እተካይድዎ ዘሎኹም ቃልሲ ከነመጉስ ንፈቱ። ኢድ-ንኢድ ክሳብ ዝሰራሕና ዕምቈት ፍልልያትና ብዘየገድስ፡ ሓደ ግዜ ቀሊል ይኹን መትከላዊ ሰረት ዘሎዎ ፍልልያትና ኣሊና ሽግር ሃገርና እንፈትሓሉ ሓባራዊ ስምምዕ ክንቀርጽ ንኽእል ኢና።

ኣብ ጉዳይ ሃገርና እንታይ ይካየድ ኣሎ ንምርዳእን፣ ናይ ማንም ሃገራዊ ሓላፍነት ብግቡእ ንምንጻርን፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ነቲ መርዛም ዝኾነ ዓማጺ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብደሞክርሲያዊ ስርዓት ብምትካእ ቅዋማዊት ኤርትራ ኣብ ኢድ ሃገራውያን ንምርካብን ምእንቲ ክንበቅዕ EGS ካብ ብንጉሁኡ ኣትሒዙ ኣድላይነት ቀጻሊ ምይይጥ ወይ ዘተ ኣብ መንጎ ኩለን ፖለቲካውያንን በርጌሳውያንን ትካላት ኣዝዩ ዕዙዝ ምዃኑ እምነ-ኩርናዕ እምነቱ ዝገበረ ሲቪላዊ ማሕበር እዩ። ካብ'ዚ እምነት'ዚ ብምጋስ እዩ ድማ EGS ኣብ'ቲ መስርሕ ናይ ኣዳላዊት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽንሳተፍን፤ ኣብ ውሽጢ እቲ መስርሕ ኣትዩ ድማ ነቲ ከይዲ ክጸልዎን ውሕሉል ውሳነ ዝወሰነ። ምስ'ዚ ውሳኔ'ዚ ኢድ-ንኢድ ተተሓሒዙ ዝኸይድ ድማ እቲ ናብ ኣዳላዊት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽንሳተፍ ዘኳነፈና መሰናኽላት ብዘየገድስ፡ ንዘሎና ዕቃቤታትን ትዕዝብትን ንህዝቢ ግሉጽ ክንገብሮ ምዃንና ኣረጋጊጽና። በታ ዝኣቶናያ ቃል መሰረት ድማ ብኣዳላዊት ሽማግለ ንዝተዋህበና ሓላፍነት ብግቡእ ሰሪሕናሉ።

ንትዕዝብትና ይኹን ንስክፍታታትና ድማ ብመልክዕ ጋዜጣዊ መግለጺታት ንህዝቢ ከከም ኣድላይነቱ ቃልዕ ጌርናዮ። እዚ ክንገብር እንከሎና ግን ፈተውቲ ይኹን ጸላእቲ ንምጥራይ ኣይነበረን፤ እኳ ድኣ ከም EGS ዝኣመሰላ በርጌሳውያን ማሕበራት ኣብ ዝኾነ ይኹን ብሽም ህዝቢ ኤርትራ ዝግበር ዋዕላታት ናይ ኩሉ ወዲ-ሃገር ውልቃዊ ናይ ምእካብ መሰሉ ቀዳምነት ዝወሃበሉ ዕድል ናይ ምውሓስ ተሓላቕነት ግቡእና ምዃኑ ስለ እንኣምን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ጋዜጣዊ መግለጺታትና፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ንዘይተወደቡ ደቂ-ሃገር ንምስታፍን ደገፍ ንምርካብን ኣብ ዝገበሮ ጎስጓስ ርኡይ ሕጽረታት ከም ዝነበሮ ኣነጺርና ሓቢርና ኢና። ብተወሳኺ ኪዳን ከምጥሙር ሓይሊ ሓድነታ ኣረጋጊጻ ናብ ሃገራዊ ዋዕላ እንተድኣ መሪሻ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ሙሉእ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሕጋውነት ኣብ ርእሲ ምርግጋጻ ነቲ ዓማጺ ስርዓት ዕድሚኡ ንምሕጻር ዝሕግዙና ራእይ ንምቕራጽ ከም ዘብቅዓና ብተደጋጋሚ ክንሕብር ጸኒሕና ኢና። እንተኾነ ግን ባህግና ኣይሰመረን። ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ድማ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ምትሕርራቕ መንፈስ ይጋባእ ኣሎ። ምስ'ዚ ኩሉ ሕጽረታት EGS መምርሒኡ ከይቀየረ ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ክሳተፍ ወሰነ። እዚ ክንብል እንከሎና ግን ኣብ ዋዕላ ተሳቲፍካ ብዝተኻእለ መጠን ናይ ህዝቢ ተዓዛቢ (watch dog) ንምዃን እዩ። እዚ ተባዕ ውሰኔ'ዚ ኣብ ውሽጢ EGS ይኹን ኣብ መንጎ እቶም ግደን ትርጉምን ሲቪላዊ ማሕበር ኣብ ቃልሲ ምህናጽ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ዝተፈልየ ኣረኣእያ ዘሎዎምን ኣካላት ግዝያዊ ዘይምርድዳእ ክፈጥር ይኽእል እዩ።

ንሕና ግን ነዚ ተሃዋሲ ፍልልያት እዚ ንግዜን ንታሪኽን ንሓድጎ ጉዳይ እኳ እንተኾነ ፖለቲካውያንን ተጣበቕቲ መሰልን ሓደ ዓይነት ፍታሕ ክህልዎም ውሁብ ጌርና ኣይንወስዶን። ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ነቶም ዓበይቲ ሃገራዊ ውሳኔታት ኮነ ኢሉ ንድሕረ-ምውዳቕ ስርዓት ኢሰያስ ህዝቢ ክዝትየሎምን ፍታሕ ክገብረሎምን ኣወንዚፉ ሕጂ ግን ከመይ ጌርካ ሓድነት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ተደልድልን ኣብ ስደትን ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ድማ ለውጢ ንምምጻእ ዝሕግዝካ ዝሰፍሐ ሓባራዊ ደሞክራሲያዊ ስምምዕ ንምብጻሕ እንተዝጸዓር ምሓሸ። ኣብ መስርሕ ቀጻልነት ናይ’ዚ ዋዕላ’ዚ እቶም ተሳተፍቲ ዋዕላ ነቲ ኣብ ወውድቦም ዘሎዎም ፖለቲካዊ እምነት ኣብ ድርኩኹት መጋባእያ ሓዲጎም ናይ ማዕጾ ኮንፈረንስ ክኣትው እንከሎው ኣእዳዎም ዘርጊሖ ንኻልኣት ዝጽውዕ ሕልና ሒዞም ክኣትውን ንቐጻሊ ዘተ ዘውሕስ ክፉት ማዕጾ ኣረጋጊጾም ክወጹን ተስፋ ንገብር።ነዚ ዋዕላ’ዚ ከም ንመጻኢት ኤርትራ ዝውስን ዝላዓለ ዋዕላ ጌርካ ናይ ምቕራቡ ዝግበር ፈተነ ግጉይ መርገጽ እዩ። ዝኾነ ይኹን ራእይ ምንም እኳ ብወርቂ እንተተጻሕፈ ልብን ኣእምሮን ህዝቢ እንተዘይተንኪፉ ንታሪኽ ክንዲ ስድሪ’ውን ዝኣክል ንቕድሚት ከሰጉሞ ኣይክእልን እዩ። ብህዝቢ ተቐባልነት ዝረኸበ ራእይ ጥራይ እዩ ውሕስነት ወሳኒ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓማጺ ስርዓት ህግደፍ ከረጋግጸልና ዝኽእል። እቲ ኩሉ ብተቓወምቲ ውድባትን ሲቪላውያን ማሕበራትን ዝግበር ናይ ቃልሲ ኣስተዋጽኦ ነዚ ዝተጠቕሰ መሰጋገሪ (bridge) ዝፈጥር ክኸውን ኣሎዎ። እዚ ክሳብ ዝኾነ ድማ ግደፍዶ ብተሃዋሲ ጉድለት ዝጀመረ ዋዕላስ እቲ ክሳብ ክንደይ ተጠንቂቕካን፡ ጉድለት የብሉን ኢልካ እተካይዶ ዋዕላ’ውን እንተኾነ ሕጽረታት የመዝግብ እዩ። ኣብ’ዛ ሙሉእ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ንባህርያት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብግቡእ ተረዲኡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሓርነቱ ንኽለብስ ዝምነየሉ ዘሎ ህሞት ከም ተቓወምቲ እንተ ወዲቕና ህዝብና ክኽዕበና እዩ። እዚ ሓደገኛ ውድቀት ንኸየጋጥም ድማ ብመጀመርያ ጉዳይ ኤርትራውያን ንኤርትራውያን ክሕደግ ኣሎዎ። ተሓባበርቲ ፈተውቲ ሃገራት ኣብ ሃገራዊ ጉዳይና ኢደን ምስ ዘየእትዋ፡ ብኡ መጠን ድማ ህዝብና ኣብ ተቓወምቲ እምነት የሕድርን ብተቓወምቲ ንዝውሰን ጉዳይ ድማ ከኽብርን ክቕበልን ዝቐለለ ይኸውን። እዚ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና ዘሎ ሓቂ እዩ።ነዚ ርእይቶ’ዚ ብተሓባበርቲ ሃገራት ይኹን ብተቓወምቲ ውድባት ሸፈፍ ኢልካ ዝሕለፍ ስክፍታ ህዝቢ ኣይኮነን። ንሕና ከም EGS ኣብዚ ዋዕላ’ዚ ዝሳተፉ ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝለዓለ ተገዳስነትን ሓልዮትን ዘሎዎም እዮም ኢዮም ኢልና ኢና ንኣምን። የግዳስ ሕጽረታት ኣሎዎ እንብሎ እንተድኣ ሃልዩ፡ ኣብ መስርሕን ኣተገባብራን ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ጥራይ እዩ። ሕቶ ይኹን ርእይቶ ዋንነት ኩሉ ኤርትራዊ ኢዩ። ብዙሕነትና ድማ ብግቡእን ብዝተመጣጠነ ኣገባብን እንተድኣ ተመሓዲሩ ሃገራዊ ሃብትና ኢዩ። ንዘሎና ስክፍታታትን ንዝተገለጹልና ጉድለታትን ናብ ህዝቢ ቃልዕ ናይ ምግባር ሲቪላዊ መሰልና እንዳዓቀብና ነዚ ዋዕላ’ዚ ዕዉት ክኸውን ንምነየሉ።

ናይ መጨረሻ ውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምስማዕ ንጽበ፤

ዓለም-ለኻዊ ምትእስሳር ኤርትራውያን (EGS)